## ሻዕብያ ሰራሕ ተኣምራት፡

ሻዕብያ ሻዕብያ ገባር ቅያ፡
ንኣፍሪቃ ኣብነት ኮንካያ፡
ንኣሜርካ ድቃስ ከሊእካያ፡
ወያነ ከተድሕን ትብል ጉያጉያ።

ኣየ ጅግንነትት ኣየትብዓት፡
ኣየ ዓቕሊ ኣየ ጽንዓትዓት፡
ቀርነን ሰቢርካየን ኩለን ስሉዓት፡
ራኢ'ኻ ኮይኑወን ሕማም መንድዓት።

ኣፍሪቃ ተሳዒላ ጸረ ጁንታ፡
ጸረቶም ለኣኺታ ጎይቶታ፡
ሰማይ ዝጥምቱ ከይረኣዩ ባይታ፡
ኣብቂዕም'ዮም ኮይኑዎም መወዳእታ።

ሎሚ ዝመስሎም ከም ትማሊ፡
ኣይፈለጡን ጭቁን ከምዝውድኤ ዓቕሊ፡
ጸላኢኡን ፈታዊኡን ከምዘለሊ፡
ተሳዒሉ ባዕዳውያን ካብ ኣፍሪካ ክኣሊ።

ሓደ ኣጥቂዕካ ምስቲ ሓደ ምሕዝነት፡
ፈላሊ'ኻ ግዛ ፍሹል ኣብነት፡
ቀደም ዝተፈተነ ኣብ ግዜ ባርነወት፡
ታሪክ ዝምስክሮዩ ዘበነ ኣንድነት።

ኣሜርካ ኮራኹራ ጁንታ ከተጥቡ፡
ህወሓት ኮራኹራ ሃሱሳት ከተጥቡ፡
ብዘይ ቁምነገር ጸሓይ በሪቑ ዓሪቡ፡
ምስ ሞትካ ኣይበሃልን ኣፈርኩቡ።

ከንያ ኮይና በዓቲ መሕብኢ፡
ዋዕላ ዝገብሩላ ከልቢ ምስ ዝብኢ፡
ጻዕዳ ተመን ኣጀንዳ ሒዞ መጋቢኢ፡
ቀርኒ ኣፍሪቃ ፋሕፋሕ ኢላ መታን ክርኢ።

ዓሚ ቅድሚ ዓሚ'ዃ ቀደም'ዩ ኔሩ፡
ሃ ጺያውያን ንዞባና ክዕንድሩሉ፡
ሕጂግን ህዝቢ ኢትዮ/ኤርትራ ኩሉ ተሳዒሉ፡
ንደሞክራሲያዊ ፓርት ኣሜርካ ኣሻቒሉ።

ምምሕዳር ባይደን ብተንኮል ተሳዕለ፡
መርገጽ ኦባማ ቀጸለ ከይተወላወለ፡
ውህደት ዞባና ከፍርስ ተብተብ በለ፡
ተቓውሞ ኣህዛብ ምስ ረኤስ ገጹ ተበለለ።

ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ
ገብረንጉስ መስመር፡